**ባሕቲ መስከረም ክብርቲ ዕለት።**

ፖሎቲካዊ ጥምጥም ፍትሒ ምስ ሰኣነ፡
ዓገብ ዝብል ተሳኢኑ ዓይኑ ምስ ሸፈነ፡
መተካእታ ክድለ ግድን ምስ ኮነ፡
ሂወት ከይከፈልካ ከም ዘይርሁ ሽዑዩ ተመዝነ።

እንትርፎ ጽኑዕ እምንቶ ዘይነበሮ ትሕዝቶ፡
ፍቕሪ ሃገር ዘንደዶ ሰውራ መስረቶ፡
እንተ ዘይተጀሚሩ በለ ነይዓቢ ከቶ፡
ፍጹም ኣይተጠራጠረን ወዲ ዓዋተ ድሓን ይእቶ።

ተመርጸት ሓደ መስከረም ክትከውን ጀማሪት ብረታዊ ሰውራ፡
ቀዳመይቲ ጥይት ኣብ ጎቦታት ኣዳል ኣበሲራ፡
ሕሰሙ ክቕንጠጥ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ፡
እናሃለ ሓሙሳን ሽዱሽተን ዓመታት ኣቕጺራ።

ጡጡሕ ኣይነበረን እቲ ነዊሕ ጉዕዞ፡
ኣብ ገለ እዋን በቃ ዘበለ ተስፋ ዝተቐብጾ፡
እንተኾነ ግን ቀጸሎ ሙዑታት ከይዕጾ እቲ ማዕጾ፡
ኣይተጠራጠሩን ብድሕሪኦም ካልእ ከም ዝመጾ።

ገድሊ ገደል ስሙ ከም ዝሕብሮ፡
ሰውራ ንኹሉ ዝንባለታት ዝጠመሮ፡
ኣብ ሓንቲ ቁራዕ የእትዩ እንተዘየሕርሮ፡
ሎሚ ምሃለወና ዘይፍወስ መንሽሮ።

ቅድስቲ ዕለት ፈላሚት ፍትሒ፡
ዓማጺ ክሰዓር ክቃላዕ በዓል እከይ ሽርሒ፡
ሓፋሽ ኣሰሊፍኪ ብምስጢራዊ ብልሒ፡
ዓወትኪ ጨብጥኪ ኣብ ተስዓን ሓደን ሓሙሻይ ወርሒ።

ሓድነት ዓወትና፡ ባዕሉ ዝምስክር፡
ውህደት ሕብረተሰብና  እንሆ ይነግር፡
ሓደ መስከረም ምስ ዒድ ኣልኣድሓ ብሓንሳብ ይኽብር፡
ካብዚ ዝዓቢ እንታይ ኣሎ ሚስጢር።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር